**Ass. of Disabled Eritreans** **Ass. Erythréenne d'Invalides**
**ADE** **A.E.I.**

# ናይ ኤርትራ ማሕበር ኣካለ-ጽጉማን

## ሓጺር ጸብጻብ ካብ ዝተመስረትሉ እዋን።

ማሕበር ኣካለ-ጽጉማን ኤርትራ፤ ቅድሚ ብዕለት 02.02.2002 ብዕሊ ምምስራቱን ምእዋጁን፤ ብናይ ሓደ ዓመት ናይ መጽናዕቲ መድረኽ ኢዩ ሓሊፉ። እሱ ከኣ እቲ ሕግታት ምሕበር ምክታዕን ምጽጻይን፤ ስም ማሕበር ምሕራይን፤ ምስ ናይ ሃገርን መንግስትን ፈረንሳ ዘራኽበና ሕጋዊ መስኖታት፤ ምርኣይን፤ ብሓደ ወገን፤ በቲ ካልኣይ ወገን ከኣ ኵነታትን ሃለዋትን ናይቶም ኣብ መደበር ውጉኣት ሓርነት ከሰላ ዝነበሩ ዝነበሩ ጽጉማትን፤ ደቂቕ መጽናዕቲ ተገይሩ። እዚ ከኣ ብ2001 ዓ.ም.ፈ. ተደምደመ። ማሕበርና ከኣ ብዕለት 02.02.2002 ዓ.ም.ፈ. ተመስረተን ተኣወጀን።

እዚ ማሕበር እዚ መጀመሪያ ክምስረት እንከሎ ብሰለስተ ሰባት ኣብ ሃገረ ፈረንስ ኢዩ ተመስሪቱ። ኣስማቶም ከኣ ተስፉይ ተኽልዝጊን ኣብርሃ ተስፋሚካኤን ካብ ሃገረ ፈረንሳ ተኽለሰንበት ተኽላይ ካብ ሃገረ ጀርመን ኢዮም።ይኹን እምበር ማሕበር ምምስራት ኣብ መጀመሪኡ ከቢድን ብዙሕ ስራሕን ዘድልዮ ምዃኑ እንዳገለጽና ማሕበርና ቀዳማይ ዕማሙ ምምስራት ናይዚ ማሕበርን፤ ዕላምኡን እንታይ ምዃኑ ግዱሳት ኣባላት ኣብ ሓያሎ ክፍሊ ዓለማት ኣባል ወኪልካ ምስራሕን ህጹጽ ስጉምቲ ብምውሳድ ንማሕበር ምልላይ ጊዜ ኣይወሰደሉን።
ዋላኳ ማሕበርና ኣብቲ ዝተጥቕሰ ሃገር ይመስረት እምበር ኣብ ሓያሎ ሃገራት ኤውሮጳን
ኣመሪካን ኣውስትራልያን ንምዝሕግሑን ኣባላት ምጥራዩን ኣየሰከፎን።
ማሕበርና ካልኣይ ዕማሙ እዚ ማሕበር እዚ ናይ መኽሰብ ማሕበር ስለ ዘይኮነ ዝኾነ
ዝተዋጸኤ ገንዘብ ኣብ ምንታይ ይውዕልን የገልግልን ዝብል ኣምር ብምልዓል ምስ ኵሎም ሓደስቲ ኣባላቱ ተላዚቡ ዘጽደቖ ሓሳብ ነቶም ከባቢ ሰላሳ ዓመታት ዝገበሩ ውጉኣት ሓርነት መደበር ከሰላ ዝብል ቅዱስን ውሁብን መደብ ገዛ ንምግዛእ ምዃኑ ኣመተ።
ካብዚ ብምብጋስ ነዚ ዝኸውን ገንዘብ ካበይ ይመጽእ ወይ ይርከብ ዝብል ሕቶ ንምምላሽ
ከኣ ናይ ግድን ይኸውን።

- ቅድም ቀዳድም ነዚ ሓድሽ ማሕበርና ስምን ዕላማኡን ብዝብል መቕድም፤ ብጽሑፋት ብመራኸቢ ብዙሓን ( websites) ገርካ ምዝርጋሕን ዕላማን ስም ናይዚ ማሕበርን ብፖስተር ሓቲምካ ብትሑት ዋጋ እንዳሸጥካ ምስ ህዝብና ምልላይን ምግላጽን። ነዚ ከኣ በቶም ኣቐዲሙ ኣብ ኵሉ ኵርናዓት ዓለም ዝወከሎም ኣባላቱ ገይሩ ንኵሎም ተጋደልቲ ነበርን ተደናገጽትን ገርካ ምስራሕን ገንዘብ ምውጻእን ክግበር ተኻእለ።
- ገለ ንብረት ኣሰሪሕካ ናብ ህዝቢ ምሻጥ፤ ኣዚ ከኣ ከም ፒሮታት ብስም ማሕበር ዘለዎ ጽሑፍ ኣስሪሕካ ምሻጥ፡ ድሒሩውን DVD ኣራቢሕካ ኵነታት ብጾት ውጉእት ሓርነት መደበር ከሰላ ምልላይን ንዓኡ ሸጥካ ዕዳኻ ምኽፋልን። ነዚ ክልቲኡ ድማ ኣብ ኣመሪካ ብብጾት ጸሃየ ኣርኣያን ተስፋልደት ኣብርሃን፤ ኣብ ተግባር ውዒሉ።
- ኣባላት መዝጊብካ ብወርሓዊ ውጽኢት ገንዘብ ምውህላል።
- ኣብ ኵሉ ግዱሳት ኤርትራውያን ዘለውሉ ናይ ውጉኣት ሓርነት ደራር
  ኢልካ ብግዱሳት ደቂ ኣንስትዮ ተዳልዩ ዝተዋጽኤ ድማ ቀሊል ኣትይኮነን።
  እዚ ከኣ ኣብ ሰሜን ኣመሪካን ኣብ ስውዘርላንድ፤ ኣብ ጀርመን ሽወደንን ብምድግጋም ተገይሩን ተዓዊቱን።
- ሓያሎ ገበርቲ ሰናይ ኣብ ካናዳን ኢታልያን ብፍላይ ከኣ ብጉዱስ ኣባ-ማርያኖ ገንዘብ ብምሃብ ዘድሊ ሓገዛት ተገይሩ።

  - ብዘይካዚ ካብ ዝተፈላለዩ ወልቀ-ሰባት ተደጋጋሚ ሓገዛት ካብ ሆላንድ ፤ ደኒማርክን፤ ነርወይን፤ ኣውስትራልያን፤ ተሰዲዱ ኣብ መዓላ ውጉእት ሓርነት መደበር ከሰላ ውዒሉ ኢዩ።
  - መጀመርያ እዚ ውጉኣት ሓርነት መደበር ከሰላ ብመን ይእለ ወይ ይሕገዝ ነይሩ ዝብል ኰይኑ ብርግጽ እዞም ብጾት ኣዚኣቶም ብ ተ.ሓ.ኤ.ሰ.ባይቶ ነበር ይካየዱ ከም ዝነበሩ ኵሉ ዝፈልጦ ሓቂ ኢዩ። እቲ ሕጂ ከነብርሆ ንደሊ ዘሎና እዚ ዝተዋጸኤ ገንዘብ እንታይ ተገይርሉ ወይ ኣብ ምንታይ መዓላ ውዒሉ ዝብል ረቓሒ ሕቶ ኢዩ።

  እዚ ከኣ በዚ ሓርፋፍ መግለጺ ገርና ከንብርሆ ክንፍትን ኢና።

- ቀዳማይ ኣብ ገዛ ክራይ ይነብሩ ስለ ዝነበሩ ሓደ ገፊሕ ገዛ ዝሸየጥ ብምርካብ ንመደቀሲኦም እኹል ክፍልታት ዘለዎ ኰይኑ ሰፊሕ ካልእ ክንድኡ ዝኸውን ገዛውቲ ዘስርሕ ቦታ ዘለዎ ተገዚኡ።
  ኣብ ርእሲኡ ኣብቲ ገዛ ዘድልዮን ሓደስቲ መዘናግዒ ንብረትን፡ ሓደ ሓደ
  ጊዜ ድማ ሓይሊ መብራህቲ ሱዳን ስለ ዘየተኣማምን ናይ ገዛእ ርእሶም ጀነረይቶር
  ከም መተካእታ ተገዚኣኡሎም። ከንኣድያይነቱ ድማ ሕክክናን ንመዔቀኒ ጥዕናኦም ዝኸውን መሳርሒ ኣቝኝት እውን ይስደደሎም ነይሩ።
- ካልኣይ እቲ ገዛ ዝነበሮ ዓይኒ ምድሪ ብዙሕ ምጽራይን ምዕራይን ስለ ዘድለዮ እንደገና ምስ ጥዕናዮም ዝሽይድ ኣገባር ገርካ ንምስርሑ ኣድላዪ ስለ ዝኾነ ሓደ ከቢድ ገንዘብ ኣውጺኣካ ክስራሕ ክኢሉ።
- ሳልሳይ ብጾት ኣብ ገግዚኡ እኳ ዓረብያታትን ጒማታተን ካብዚ ይስደደለም እንተነበረ ምስቲ ጥዕናኦምን ዕድሜኦምን በተን ዝነበራ ዓረብያታት ገይሮም ምኻድ (ብፍላይ ኣርባዕተ ካብእቶም ዓቕሞም) ኣሸጋሪ ኰይኑ ስለ ዝተረኸበ ናይ ግድን ከባቢ 10.000.00 (ዓሰርተ ሽሕ) ዶላር ዝዋግኤን ሞተራት ባዕሎም ገዚኦም ኣሎዉ።

- ሰዒቡ እዚ ኣብ መወዳእታ 2008 ዓ.ም. ብህርኩታትን ተገደስትን ኤርትራውያን ባእታታት ተቐመጥቲ ሰሜን ኣመሪካን ካናዳን …ወዘተ ዝተገብረ ጐሸንሽ ከባቢ 50.000.00 (ሓምሳ ሽሕ ዶላር ኣመሪካ) ዳርጋ ንኽልተ ዓመት ቀለቦም ዝኸውን ባጀት ክዋጻእ ክኢሉ።
  እዚ ገንዘብ እዚ ገሊኡ ንቐለቦም ገሊኡ ድማ ገለ ትካላት ገርካ ባዕሎም ዝቆጻጸርዎ ይኹን፡ ካልእ ኣገባብ ምንጪ ማእቶት ዘለዎ ኰይኑ ዘላቒ ፍታሕ መነባብሮኦም ክገብርሉ ብምባል፤ ነዚ ዘጽንዑ ሽማግለታት ተመዚዞም ከምዝነበሩ እንዳገለጽና፤ በዚ መንገዲ እዚ ተፈቲኑ ንግዚኡ ክሰልጥ ኣይተኻእለን። ይኹን እምበር እዚ መደብ እዚ ኣገዳሲ ሓሳብ ስለ ዝኾነ ውዒሉ ሓዲሩ ባጀትን ምቹእ ባይታን ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን ንኽትግበር ኣድላዪን ቀጻሊን ስጉምትን ክውሰደሉ ውጡን ነገር ምዃኑ ንገልጽ።
  ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮ ነዚ ኵሉ መስርሕ ንምስልሳል ጉልበቶምን ገንዘቦምን፤ ጊዜኦምን፤ ዘውፍዩን፤ ዝጽዕሩን ዘለዉ ኤርትራውያን ዜጋታትን፤ ኣባላት ማሕበርን ዓቢ ተራ ዝተጻወቱ፡ ኣስማቶም ብግቡእ እኳ ስኑድ ይኹን እምበር ኣብዚ ሓደ ብሓደ ምጥቃስ ኣድላዪ ኰይኑ ኣይተራእየናን።




ናይ ኤርትራ ማሕበር ኣካለ-ጽጉማን።